# ስምዓኒ

ጸላእትና ክንደይ እምኒ ዘይፈንቀሉ
ዘይከውንን ዘይመስልን ነገራት ከዳቕሉ
ንሓሶት ኣምሊኾም ተፈልዮም ክውዕሉ
ንኽንደይ የዋህ ሰብና ዘይጠበሩ
ሰሚዕናዮም ክሕጭጩ ክፍክሩ
ምእንቲ ክፈላልዩና ሓዊ ከሳውሩ
ምስ ወያኔ እንዳበልዑ ክመኽሩ ?
ሓወይ ተዓዘቦም ንፈኽራ ሓሶቶም
ትርኪምርኪ ዘይከውን ዕላሎም
ኣንጻር ህዝብናን ሃገርናን ተዋፊሮም
ክዳን ዕሽነትን ዕንኪሊልን ተኸዲኖም
ዝእመን ዝጭበጥ ራእይ ዘይብሎም
ኣውራጃ ዓዲ እከሌ ብላብላ
መንእሰያት ዲሞክራሲ ይውሱኹላ
መሰረት ዘይብሉ ገዛ ክስራሕ ምህለላ
ብዘይ ዒላማ ግዜኻን ገንዘብካን ተጥፍእ
ንዘይከውን ምስኦም መዓልታዊ ትዋሳእ
ንምንታይ ካብ ህዝብኻ ተፈሊኻ ትሕባእ
ብቐቢላ ኣውራጃ እምነተ ስብከቶም
ንሃገሮም ረሲዖም ሙፍታው እንዳማቶም
እንታይ እዩ ዝሓስብ ሓንጎል ዝናቶም
ዓለምና ብኹሉ ሰልጢና እንዳረኣና
ከምሓንቲ ቁሸት ኮይና ቀሪባ ምሳና
ንድሕሪት ሕሰቡ ተጸለሉ ይብሉና
ስምዓኒ ብዘይእመን ዓላማ ክሰብኩኻ ንዓመታት
ንረብሖኦም ኣቐዲሞም መሪጾም ውልቃዊነት
ንምንታይ ትብል መዓልታዊ ምስኦም ከርተት
ቻው በሎም ምረጽ ኤርትራዊ ናጽነት
ሰሚዕካዮም ትፈልጥ ዝወለድካዮም ደቅኻ
ንሳቶም ተርዲኡዎም ማዕቢሎም ካባኻ
ኣነ ብኤርትራዊነትይ ይሕበን ክብሉኻ
እንታይ ይስመዓካ ከምወላዲ ባዕልኻ
ስለዚ ኣተሓሳስባኻ ቀይር ተምለስ ናብ ልብኻ
ብሰላም ክትነብር ምስ ኤርትራዊ ህዝብኻ
ካብ ኣርባዕተ ዓመት ዩኒቨርስቲ
ምስኡ ምውዓል ዝበለጸዩ ትምህርቲ
ኢሉ ሓቂ ተዛሪቡ ነይሩዩ ካብቶም ጠለምቲ
ስለዚ ኤርትራዊ ሓወይ ዘይበርሃልካ እንተሎ ሕተት
ብጌጋታት ካብትኅዓዝ መዓልታዊ ምስ ሓሶት
ብሃገርካን ህዝብኻን ተሓበን ግበር እምነት
ናጽነት ዝዓበየ እዩ ንዓኻ ሰላም ምስሂወት
ሐቂ ክትፈልጥ ተኣከብ ምስኮማትና
ሕተት ተኸራኸርውን ክትፈልጠ ራእይና
ምስጸላኢ ተሰሊፍካ ካብ ትፍለ ካባና
ርኣዮም ንዋርሳይ ይካኣሎ ክጽዕሩ ሓቢሮም
ንመጻኢ ንነዊሕ ከምዝሓልፍ ኣሚኖም
ንመትከል ራህዋ መትከል ዕብየት ሰኒቖም
ነንሒድሒዶም ሚሂሮም ተማሂሮም ኩሎም
ከማዕብሉ ንሃገርና ኢደይ ኢድካ ኢሎም
እዚዩ ናይ ኤርትራውያን ግሁድ ሕልሞም
ንሃገርና ክሃንጽዋ ባዕሎም ብባዕሎም ሓቢሮም
ነዚ መትከልዩ ጸላእትና ደም ዝመልኦ ዓይኖም

**ዓወት ንሓፋሽ**

ብርሃነ ገብረመስቀል
05-04-2007